# ኣይፋልካን ኢዮባይ

መርሓባ ኣሕዋተይ ብጾተይ ከመይ ኢልኩም ውዒልኩም፣
ኣብ ሳንዱቕ ተዓጽየ መጺአ፣ ብዘይፍላጥ ተኣልየ ካባኹም።

ኢዮባይስ ኣይኣረግካን፣ ኣይጠለመካን ኣብራኽ፣
ጥዕና ደኣ በዲሉካ፣ ህይወትካ ዝመልኽ።

በል ካብ ከድካስ፣ ንብሎ የለን ብዘይካ እሺ ሕራይ፣
ሕማመይ በዚሕዎም ሃስየዮም ስድራይ ከይትብል ንዳሕራይ።

ከም ዘይተረኣኻ፣ ከም ዘይጎየኻ፣ ከም ዘይተኮስካ፣
ኣይፋልካን ኢዮባይ፣ ክትጸንሕ ነይሩካ፣
ሕማምስ ሕሱም’ዩ፣ ጉዳም ደፊሩካ፣
ሞት’ውን ጨካን ሰራቒ’ዩ፣ ለይቲ ወሲዱካ።

ኢዮባይዶ ክብለካ፣ ሓወይ፣ ሓለንጋይ፣ ሓለፋይ፣
ልኡምዶ ክብለካ፣ ምኡዝ ጎይታ ጠባይ፣
ጸዋርዶ ክብለካ፣ ረቂቕ ተመራማራይ ተዓዛባይ፣
እንትርፎ ጽቡቕ ሓሳብ፣ ዘይትፈቱ ግናይ ምናይ።

ተባዕዶ ክብለካ፣ ጽኑዕ ተቓላሳይ፣
መራሺዶ ክብለካ፣ ኣትኪሉ ተኳሳይ፣
ምሁርዶ ፈሊጥ ክብለካ፣ ጸሓፋይ ተንታናይ፣
እንትርፎ ሓቂ፣ ዘይትፈቱ ውሳይ ምሳይ፣
ወትሩ ጽኑዕ ዝዕላምኡ፣ ዘይትፈልጠ ምዕጥይጣይ።

እዮብ ሓወይ፣ ኣንታ ክቡር መምህር ሞራል፣
ይትረፍካንዶ መርገም፣ ኣብ ቀብሪ ኣደኻ ወዓል፣
ንዓ’ባ ተለመን፣ ኣብ መርዓ ደቅኻ ወዓል።

በል መንግስተ ሰማይ የዋርስካ’ምበር፣ ንዓለም እንታይ ክንብላ፣
ሞት ካብ ሃለወት ጉሒላ፣ ለለባሙ ትወስድ መንጢላ፣
ካብ ትፈትዎም ስድራኻ ትወስድ፣ ንሕስያ ዘይብሉ ነጺላ።

ሽማይነሽ ጽንዕቲ ዕርዲ፣ ፈታዊት ሓዳራ፣
ሎሚ እንካሞ ኣድከመትኪ ሞት ደፊራ።

ጽንዓት ድማ ይሃቦም ነቶም ክቡራት ስድራኻ፣
ደኺምና ከይበሉ፣ ከይተሓለሉ፣ ለይትን ቀትርን ዘልዓሉኻ።

**ኣለም መድሃነ**
**ከለን፣ ጀርመን**
7 ጥሪ 2010